# ሥርዓተ በዓል “ሆሳእና” ኣብ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኣትላንታ

በዓል ሆሳእና ኣብ ኣትላንታ ብድሙቁን ብጹፉፉን ብዒሉ። “ሆሳእና” ዝብል ቃል ካብ እብራይስጢ ዝመሰረቱ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "ሕጂ ኣድሕን" ማለት እዩ። እዚ ታሪኽ እዚ ኣበዓፅላኡን ኣገባቡን መንገዱን ኣብ ወንጌላት ንረኽቦ።ማቴ 21፡1-11 ማቆ 11፡1-11, ሉቃስ 19፥29-44, ዮውሓንስ 12፥9-19።

ትርጉም መንፈሳዊ መግለጺኡ ኣብ http://tewahdo.org/SpiritualFood/Gizwi/GLent-8th_sunday.pdf ተጻሒፉ ስለ ዘሎ ኣብኡ ተወከሉ።

ኮይኑ ግን እቲ ኣገባብ በዓል ብሕጻናትን መንእሰያትን መዘምራን መድኃኔ ዓለም፡ ብቅዱስ ጳውሎስ ዝፍለጡ ነቲ በዓል ከምቲ ኣብ ወንጌል ተገሊጹ ዘሎ ብድራማን መዛሙርን ኣሰንዮም ብሓጎስን ብእልልታን ኣብዒሎም። ነቲ ዝነበረ መንፈስን ሓጎስን ዝመልአ ስምዒት ብቃላት ንኽትገልጾ ብጣዕሚ ዘሸግር እዩ። እዞም ሕጻናትን መንእሰያትን ኣብ ኣመርካ ተውሊዶም ንመሰረትን ታሪኽን እምነት ፈሊጦምን ክዋስእሉ ብምብቅዖም ክብርን ምስጋናን ንኣምላኽ ይኹኖ። እቲ ዝተዋህበ ትምህርቲ ብሊቀ ካህናት ንበዓል ሆሳእና ዘንጸባርቅ ነበረ። ኣምላኽ ሰማይ ንህዝብናን ሃገርናን ጸግኡ የብዝሕ!

## ስእላዊ መግለጺ በዓል ሆሳእና








ርሑስ በዓል ሆሳእና





ይግበረልና!

